# እዋናዊ መግለፂ ማእከላይ ኮማቲ ህወሓት

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፡-

ድሕሪ ዝኸሉ ዝወረደካ መዓትን መከራን፣ ሕዚ እውን ንሰላምካን ሕውየትካን ዘይምነ ጉጅለ፣ ብዝኸፈልካዮ መስዋእትን ዝበፅሐካ ብርሰትን እንከይዓገበ፣ ብኽባር ዋጋ ብዝረኸብካያ ንእሽተይ ናይ ሰላም ንፋስ ኣብ ትግራይ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ክመፅእ ካብ ምጥላብ ሓሊፍካ ምንቅስቓስ ብምጅማርካ ዝሰምበደን ኣንፃር ዝጀመርካዮ ለውጢ ዝንቀሳቐስ ብኣፍ ህወሓት እየ ባሂሊ ብግብሪ ግን ህወሓትነት ዝራሕረሐ ፋሉል ጉጅለ ንስምምዕ ፕሪቶርያ እናቋናፀየን እናዕንቀፈን ከምዝመፅ ምሽጥር ኣደባባይ እዩ ።

ብመስዋእትኻን መስዋእቲ ጀጋኑ ውላድካን ሰራዊትካን ዝመፅአ ስምምዕ ፕሪቶርያ ከም ናይ ውልቁ ንብረት ወሲዱ፣ ኣነ እንተዘይሃሊየን ጊዚያዊ ምምሕዳር እንተዘይሒዘን ስምምዕ ፕሪቶርያ ከፈርስ እዩ እናበለ ከፅምመካ ዝፀንሐ እዚ ጉጅለ፤ ሕዚ ድማ ስልጣን ክልምን ሽዋ ከይዱ ከይቀነዖ ምስተረፈ ግልብጥ ኢሉ ብሄራዊ ሓይሊ ክመስል "ጊዚያዊ ምምሕዳር ጠሊሙ ኣሎ እሞ ኣብ ሓፂር ጊዜ መልክዕ ከትሕዞ ወሲነ ናብ ቃልሲ ኣትየ ኣለኹ ንዓ ምሳይ ተሰለፍ" ዝብል መስደመም መግለፂ ትማሊ 02 ታሕሳስ 2017 ዓ/ም ብመራኸቢ ሓፋሽ ዘርጊሑ ኣሎ። እዚ ጉጅለ ኣብቲ ዝተጠቐሰ መግለፂኡ ናይ ስልጣን ሕቶይ ፌዴራል መልሲ ክህበኒ ናይ ክልተ ሰሙን ቆፃሮ ሂቡኒ ኣሎ እናበለ ፅኒሑ ኣብ መወዳእትኡ ከኣ ኣብ ሓፂር ጊዜ ንጊዚያዊ ምምሕዳር መልክዕ ከትሕዝ ወሲነ ናብ ቃልሲ ኣትየ ኣለኹ እሞ ሳዓቡኒ ኢሉ ፃዊዒት ክተት ኣቕሪቡ ኣሎ። እዚ ኣካይዳ እዚ ጉጅለ ንዓና ሓዱሽ ኣይኮነን። ምስ ፌዴራል መንግስቲ ካሊእ ይዘራረብን ይስማዕማዕን ንህዝቢ ትግራይ ዝብሎ ድማ ካሊእ። ናይ ቀረባ ተሞኩሮ እኳ እንተወሲድና እዚ ጉጅለ ንህወሓት ወኪሉ "ሕገመንግስቲ ብዓመፅ ንምፍራስ ተንቀሳቒሱ እየ" ኢሉ ተቐቢሉ ብምፍራም ንመኸተና ዘህገረን ንህወሓት ነሓሰ 3/2016 ዓ/ም ዝተፈጠረ ውድብ ጌሩ ዘመዝገበን እዚ ኩዳዕ ጉጅለ፣ ናብ ትግራይ ምስተመለሰ ከዓ ዘይንሱ ካሊእ ተቓላሳይ ከምዘየለ ኮይኑ ቀሪቡ። መኸተ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ዓይኑ ከይሓሰየ ዘህገረን ስልጣን ካብ ሽዋ ክትኮበሉ ዝልምንን ጉጅለ ንካልኦት ብባንዳነትን ክሕደትን ክኸስስ ምድፋሩ ሓደ መስደመም ትሕዝቶ ናይቲ መግለፂኡ እዩ ።

እዚ ዓመፀኛ ጉጅለ ኣብ ፌዶራል ካሊእ እናተስማዕመዐ፣ ትግራይ መፂኡ ከዓ ንህዝቢ ትግራይ ንዓ ዓምፅ እናበለ ህዝቢ ትግራይ ምስ ፌዴራል መንግስቲ ኣብ ዘየድሊ ጎንፅን ቅርሕንትን ከኣቲ ዝገብር ኣንፈት ተኸቲሉ ከምዝኸይድ ኣብ ናይ ትማሊ መግለፂኡ እውን ደጊሙ ኣረጋጊፁ እዩ ። በቲ ሓደ ገፅ ህዝብና ስምምዕ ፕሪቶሪያ ከይቕበልን ክዕምፅን ኩሉ ዝከኣሎ ዝገበረን ዝገብርን ዘሎ እዚ ፋሉል ዓመፀኛ ጉጅለ፣ በቲ ካሊእ ገፅ ከዓ ታሓቢኡ ንናይ ፌዴራል ሰበ ስልጣናት "ናይ ደገ ሽምጋላይ እኮ ኣይመድለየናን ነይሩ በይንና ክንውድኦ እኮ ኔርና ኢና" ክብልን ስልጣን ክልምንን ትረኺቡ። እዚ ጉጅለ እዚ ናብ ስልጣን ክወፅእን ኣብ ስልጣን ክነብርን እንተኾይኑ ህዝቢ ትግራይ ምስ ፌዴራል መንግስቲ ኣብ ቀፃላይ ምትፍናን ከእትዎ ኣለኒ ኢሉ ዝወሰነ እዩ ። እዚ ሓደገኛ ኣካይዳ ህዝብና ዝነቐሐሉን ዝነፀጎን እኳ እንትኾነ ህዝብና ከይቐስን ዝተተሓዘ ስልቲ ስለዝኾነ ግን ሸለል ክባሃል ኣይግባእን። ሓሶትን ምድንጋርን ከም ናይ ቃልሲ ስልቲ ዝወሰደ እዚ ዓመፀኛ ጉጅለ፣ ኣብ መግለፂኡ ናይ ጊዚያዊ ምምሕዳር ስራሕቲ ገምጊምና ፕሬዚዳንት ጊዚያዊ ምምሕዳር ንምቕያር ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይድና ብዛዕባ ምቕያር ፕሬዚዳንት ጊዚያዊ ምምሕዳር ድማ ካሊእ ቆፃሮ ሒዝና ይብል ኣሎ። ብዛዕባ ምግምጋም ስራሕቲ ጊዚያዊ ምምሕዳር ግን ዝሃቦ ሓበሬታ የለን። እዚ ብኣጋጣሚ ዝተዘለለ ከይኮነስ ኮነ ተባሂሉ ዝተገደፈ እዩ ። ስራሕቲ ጊዚያዊ ምምሕዳር ተገምጊሙ ከምዝወደቐ ውን ኣብ ምርድዳእ ተበፂሑ ኩሉ ከኣ ኣእጃሙ ኣልዒሉ ። ብፍላይ ነዚ ዓመፀኛ ጉጅለ ዝቐረበሉን ክከላኸሎ ዘይካኣሎን ገምጋም ከዓ "ኮነ ኢልካ ጊዚያዊ ምምሕዳር ከይሰርሕን ህዝባዊን ፖለቲካዊን ድጋፍ ከይረክብን ሰሪሕካ ኢኻ" ዝብል ነይሩ። እዚ ክገብር ዝኻኣለሉ ምኽንያት ከዓ ብውድቀት ጊዚያዊ ምምሕዳር ኣሳቢብካ ናብ ስልጣን ንምምፃእ ከምዝኾነ ቀሪብሉ እዩ። እዚ ዓመፀኛ ጉጅለ ንስልጣኑ ክብል ተፈናቐልቲ ናብ መረበቶም ከይምለሱ ይኽልክልን የዕንቅፍን

ከምዝነበረን ዘሎን ኣብ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ዝተነፀረ መስርሕ DDR ከይትግበር ተንኮል ይፍሕስን ወዘተ ብዝብል ካብ ዝተፈላለየ ኣካላት ንዝቐረበሉ ገምጋም ብብቕዓት ክምክት ኣይካኣለን። ኣብ ትግራይ ኣብ ባይታ ንርኢዮ ሓቂ እውን ነዚ ዘረጋግፅ እዩ። ቀንዲ ውራይ እዚ ዓመፀኛ ጉጅለ ጊዚያዊ ምምሕዳር ምፅልእላእን ጊዚያዊ ምምሕዳር ከየማሓድር ምዕንቃፍን እዩ ። ንስልጣን እምበር ንህዝቢ ዘይግደሸን ፀገማት ህዝቢ ዘጋድድን ዘናውሕን ዓመፀኛ ጉጅለ እዩ ። እዚ ዓመፀኛ ጉጅለ ከምቲ ብኣፉ ዝመፃደቖ ከይኮነስ መከራን ፀገምን ህዝቢ ከይፍታሕ ብምዕንቃፍ ነዚ ከም ምኽንያት ተጠቒሙ ናብ ስልጣን ክድይብ ዝሰርሕ ፀረ ህዝቢ እዩ ። ንህዝቢ ትግራይ ምስ ፌዴራል መንግስቲ ናብ ምትፍናን ምእታውን ፀገም ህዝቢ ከይፍታሕ ምግባርን ምብእኣስን ናብ ኮረቻ ስልጣን ንምምፃእ እዚ ዓመፀኛ ጉጅለ ቀንዲ ዝኽተለን ዘሎ ስልትታት እየን ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፡-

ኣብዚ ህሞት እዚ ብባንዳነትን ፀረ ህዝብነትን ክፍረጅ ዝግበኦ ሓይሊ እንተሊዩ እቲ ንህወሓትነት ከም ናይ ውልቁ ንብረት ወኒኑ ብሽም ህወሓት ዝሸቅጥ ዘሎ ሓይሊ እዩ ። ንባህሪን መንነትን ህወሓት ስለዝጠንጠኖም እምባኣር እዩ ናይ ባንዳን ፀረ ህዝብነትን ጉዕዞ ጀሚሩ ዘሎ። ንሕና ህወሓት ህያው እዩ ናይ ፀረ ህዝቢ መዕንደሪ ክከውን የብሉን ኢልና ህዝባዊ ኣሰር ህወሓት ሓሊና ህወሓት ብቀፃሊ ቃልሲን ፀገም ህዝቢ ምፍታሕን ፈተናታት ምብዳህን ንመድረኽ እናበቕዐን እናተለወጠን ዝምርሽ ውድብ ክከውን ንቃለስ ኢና ። ኣብ ትግራይ ዘላቒ ለውጢ ንምምፃእ ንቃለስ እምበር ስምዒታት ዝትንክፉ ዝበልናዮም ኣጀንዳታት ብምምብድባድ ጊዚያዊ ተቐባልነት ንምርካብ ንሰርሕ ኣይኮናን። ጊዚያዊ ምምሕዳር እናቐያየርና ክንነብር ዘለና ከይኮናስ ዘሎ ጊዚያዊ ምምሕዳርና ፖለቲካዊን ህዝባዊን ድጋፍ ረኺቡ ተልእኹኡ ቀልጢፉ ወዲኡ ናብ ዝተመረፀ ህዝባዊ መንግስቲ ከስጋግረና እዩ ድሌትና።

ንናይ መኸተ ዓቕምታትና ዝሕንሽሽን ዝብትንን ኣካይዳን ተንኮልን ናይቲ ዓመፀኛ ጉጅለ እናፍሸልና ምስ ዓቕምናን ዓቕምና ኣደልዲልናን ናብ ቀፀልቲ ምዕራፋት ክንሰግር ተሊምና ኢና ንቃለስ ዘለና ። ናይዚ ምንቅስቓስና ሓደ መርኣያ ከኣ ውድብና ተበቲኑ ኣይተርፍን ኢልና ተወዲብና ክንቀሳቐስ ዘኽእለና ኣወዳድባ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ፈጢርና ኣለና ። እቲ ዓመፀኛ ጉጅለ ንናይ ትግራይ ናይ ፀጥታን መኸተን ሓይሊ ናተይ እዩ እናበለ ናይ ሓደ ፀቢብ ጉጅለ ደጋፊ ከምዝኾነ ኣምሲሉ ዘቕርበሉ ዘሎ ኣቀራርባ ሓደገኛን ዓቕምና ዝብትንን ስለዝኾነ ብትሪ ንቃወሞ። ባህጊ ሓደ ፀቢብ ጉጅለ ከይኮነስ ባህጊ ትግራዋይ ዝማለኣላ ትግራይ ክትህሉ ካብ ዘለና ኩቱር ባህጊ ተበጊስና ናይ ትግራይ ፖለቲካ ምሕደራን ኢኮኖሚን ኩሉ ትግራዋይ ዝሳተፈሉን ዝርበሐሉን ክከውን ሕዚ ዘሎ ናይ ህዝብና ብፍላይ ናይ መንእሰይና ናይ ለውጢ ድሌትን ምንቅስቓስን ክጠናኸርን ክድገፍን ኣለዎ ኢልና ንኣምን። ዘለናዮ ኩነታት ተበሊፆምን ኣጋዲዶምን ብዝተፈላለየ ሽማትን መልክዓትን እናኣተው ዓቕምታትናን ሓድነታትን ክብትኑ ዝደሊዩ ብዙሓት ፅቡቕና ዘይምነዩ ሓይልታት ስለዘለው ብሄራዊ ሓድነትና ክነጠንኽርን ፀረ ብሄራዊ ሓድነትና ዝኾኑ ምንቅስቓሳት ክንምክትን ንፅውዕ!!

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታት ትግራይ!!!

ህወሓት -መቐለ

ታሕሳስ 3/2017